# ፈስቲቫል ኤርትራ ምዕራባዊ ዞባ ሕቡራት መንግስታት ኣሜርትካ ብዓወት ተደምዲሙ።

እቲ ዓመት መጸት ኣብ ም/ዞ/ሕ/መ/ኣ/ ዝካየድ ፈስቲቫል ኤርትራ ሎሚ ዓመት ካብ ሰነ 5. ክሳብ 7 2016 ተኻይዱ ብዓወት ከኣ ተደምዲሙ። እዚ ኣብ ሓጺር ግዜ ውሕሉል ምድላዋት ዝተገብረሉ ፈስቲቫል ንኹለን ብሄራት ኤርትራ ባህልን መነባብሮን ዘንጸባርቕ ቁሸታት፡ ኮምኣኡ'ውን ንናይ 25 ዓመታት ዝተገብረ ሓያል ህዝባዊ መኸተ ጸረ ኩሎም ተጻባእቲ ሃገርናን ህዝብናን ምስ ዝተሰላሰለን ዝሰላሰል ዘሎን ሃገራዊ ልምዓት ዘንጸባርቕ ቁሸት ብተወሳኺ ተደኩኑ ምንባሩ፡ ነቲ ፈስቲቫል ዓቢ ድምቀት ሂቡዎ ቀንዩ።

ፈስቲቫልና ውጺኢት ኣልቦ ንኽኸውን ዝጽበዩ ዝነበሩ ዑሱባትን መወልቶምን ተስፍኦም ዘበርዓነ፡ ሕልናኦም ዝሰበረ ምንባሩ ዝመስከረ ሓያልን ጠርናፍን ምንባሩ ንኹሉ ደላይ ሰላም ዘመስከረ እዩ። እቶም በብመደቦም ተሰርዖም ዝቐርቡ ዝነበሩ ሰሚናራት ኣዝዩ ኣገዳስን እዋናውን ትሕዝትኦም ጠቐምቲ ምንባሮን ኩሉ ተሳታፋይ ኣድናቕቱ ገሊጹ። እዚ ናይ ሎሚ ዓመት ፈስቲቫል ካብ ናይ ካልኦት ዓመታት ፈስቲቫላት ፍሉይ ዝገብሮ ነገር መብዛሕትኦም ኣባላቱ ንናይ 25 ዓመት በዓል ናጽነትና ክኻፈሉ ንሃገር ገሾም ዝነበሩ ስለ ዝኾኑ፡ ድሕሪ ምምላሶም ነዚ ፈስቲቫል ዕዉት ንኽኸውን ዘርኣዩዎ ዕረፍቲ ዘይብሉ ምድላዋት ኣዝዩ ዝምስገን እዩ።

ብኹለን ቑሸታት ተዳልዩ ዝነበረ ትሕዝቶታት ኣዝዩ ኣዕጋቢ ድኣ ይንበር እንበር፡ ኣብዚ ፈስቲቫል'ዚ ጸብለል ኢላ ዝወጸ እታ ብልፍንቲ ከልተ ከተማታት ተዳልያ ዝነበረት ማለት ብሳንፍራንቸስኮን ፍረዝኖን ቁሸት ሕዳረብ ተዓዊቲት ነይራ። ብኡ መሰረት ከኣ ናይ ዕውቲ ቁሸት ሽልማት ተዋሂባ። ኣብ'ዚ ፈስቲቫል'ዚ ሓደ ኣገዳሲ ውሳነ ዝተወሰነ እንተሎ፡ ንዝመጽእ ዓመት ዝግበር ፈስቲቫል ኣብ ነሃሰ (August) 18,19,20. 2017 ኣብ ከተማ ስያትል (Seattle) ክኸውን ምውሳኑ እዩ። ኣብ ስያትለ ድኣ ይኹን እንበር ብኹለን ከተማታት ምዕራባዊ ዞባ ተሳታፍነት ስለ ዝበዓል ነቲ ተዋሂቡወን ዘሎ መደብ ዕዮ ንምድላው ናይ ሓደ ዓመት ግዜ ብምህላዉ፡ ካብ ሕጂ ጀሚረን መደባተን ክሰርዓ ዓቢ ዕድል ኮይንወን ኣሎ።

ፈስቲቫላትና መግለጺ መንነትና ስለ ዝኾነ ካብ ሕጂ ጀሚረን ኩለን ስድራቤታት ኣብዚ ሓበን ሃገር ዝኾነ ፈስቲቫል ንምስታፍ ነዚ ተዋሂቡ ዘሎ እኹል ግዜ ክዳለዋሉ በዚ ኣጋጣሚ ተታሓሳስብ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።
ዓወት ንሓፋሽ።
ሽማገለ ፈስቲቫል 2017.